Email: mnghst_tdrs@yahoo.com Cellular: (832)-455-0540 ጥቅምቲ 2010 ዓ.ም. ቀ. 20 ገጽ 1


# ሰላም

“We must be the change we wish to see.” Gandhi


## ኮሚሽን ንህዝቢ ዝውክል ኣይኰነን” ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ
## “ኮሚሽን ብህዝቢ ዝተመርጸ እዩ” ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ



ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ፡ ኣቶ መስፍን ሓጐስ

ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ነሓሰ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣዲስ ኣበባ ዝቔመ ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣፍልጦ ከም ዘይህቦን ወከልቲ ክሰድድ ቁሩብ ከም ዘይኰነን ገሊጹ።

ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ: ኣቶ መስፍን ሓጐስ፡ ብጥቕምቲ 23፡ ኣብ ህይስተን ኣብ ዘካየዶ ህዝባዊ ኣኼባ፡ ኣብ ዋዕላ ዘብጽሖ መስርሕ፡ እኹል ምቅርራብ ዘይተገብረሉ፡ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ዘይነበሮ ከምኡውን ዘይርትዓውን እዩ ነይሩ ክብል ገሊጽዎ። ኣቶ መስፍን ኣስዒቡ “ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዋዕላ ተጋቢኡ ኣሕሊፈዮ እየ ዝብሎ ውሳኔታትን መሪጸዮ እየ ዝብሎ ኮሚሽንን፡ ንርእሱን ነቲ መሪጹኒ’ዩ ዝብሎ ኣካልን ዝውክል እንተ ዘይኰይኑ። ብዝኾነ ኣጋባብን መልክዕን ንህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ኣይኰነን።” ኢሉ።

ኣፈኛ ናይ ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣቶ ዳኒኤል ተወልደ: ብወገኑ፡ ነዚ ሓሳብ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ “ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ወጻኢ ብዝርከብ ህዝብና፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ተወኪሎም ኣብቲ ዋዕላ ብዝተሳተፉ ህዝቢ ዝተመርጸ ኣካል ህዝቢ’ዩ ኢሉ እዩ ዝኣምን።” ኢሉ። ንሱ ብተወሳኺ፡ ዛጊት ኣብ ውሽጢን ኣብ ወጻኢን ኤርትራ ብህዝቢ ዝተዋሃቦ መንግስቲ ወይ ተቓዋሚ ሓይሊ ከም ዘየልቦ ድማ ኣብሪሁ።

ሰዲህኤ ብውሳኔታት ናይቲ ዋዕላ ክቕየድ ንዑዑ ከተግብር ሞራላዊ ይኹን ፖለቲካዊ ግዴታ ከምዘይብሉ ዘረድአ ኣቶ መስፍን፡ “ዋዕላ፡ ኣብ ዝመረጾ ኮሚሽን እንደገና ወከልቲ ሰዲድና ክንሳተፎ ቁሩባት ኣይኰናን።” ኢሉ። ኣቶ መስፍን ብምቕጻል፡ “እዚ ኮሚሽን፡ ክሳብ ንህዝቢ ኤርትራ ዝወከለ፡ ዋዕላ ዝመረጾኒ እየ፡ ኢሉ ዘይቀረበ፡ ሰዲህኤ፡ ልክዕ ከም ካለኦት ኤርትራውያን ኣካላት፡ ምስ’ዚ ኰሙሽን እዚ



ሓላፊ ክፍሊ ዜናን ኣፈኛን፡ ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞራስያዊ ለውጢ፡ ኣቶ ዳኒኣል ተወልደ

ክራኸብ ርእይቶ ክሰምዕን ክህብን ድሉው እዩ።” ኢሉ።

ኣቶ ዳኒኤል ግን። “እቲ ዝድለ፡ ዘሎ፡ ሰልፊ ህዝቢ፡ ውሳኔ ናይ’ቲ ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፈ ህዝቢ ኣኽቢሩ ክልተ ወከልቲ ክሰደልና እዩ” ኢሉ ። ንሱ ብተወሳኺ፡ “ኮሚሽን ብዛዕባ እቲ ዋዕላ ዘመሓላለፎ ውሳኔ ንክልተ ወናብር ብዝምልከት ክዘራረብ መዝነት የብሉን።” ድማ ኢሉ።

ኣብ ጉዳይ ናይቲ ዝመጽእ ጉባኤ ኣመልኪቱ ” ዋላኳ ሰልፊ ህዝቢ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዋዕላ እንተ ዘይተሳተፈ፡ ኮሚሽን ምስ ሰልፊ ህዝቢን ካለኦት ተቓወምቲ ሓላይልታትን ክዘራረብ እቲ ዋዕላ ሓላፍነት ኣሰኪምዎ እዩ። ምርጫውን የብሉን” ኢሉ ኣቶ ዳኒኤል።

ጋዜጣ ሰላም ምስ ኣቶ መስፍን ከተካይዶ ዝሓሰበት ቃለመጠይቕ፡ ኣይቀንዐን። ምስ ኣባላት ክፍሊ ዜና፡ ናይ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዘካየደቶ ቃለ መጠይቕ ግን ኣብ ዝመጽእ ከነቕርበልኩም ኢና።

## ኣቶ ሪክ ፔሪ ንሳልሳይ ግዜ ኣማሓዳሪ ቴክሳስ ኮይኑ ተመሪጹ



ኣማሓዳሪ ኣቶ ሪክ ፔሪ



ናይ ህይስተን ከንቲባ ነበር፡ ኣቶ ቢል ዋይት

ሪፓፐሊካዊ ኣማሓዳሪ ኣቶ ሪክ ፐሪ፡ ብሰሉስ 2 ሕዳር፡ ንሓያል መወዳድርቱ ዲሞክራስያዊ ኣቶ ቢል ዋይት ስዒሩ፡ ንሳልሳይ ግዚኡ ኣማሓዳሪ ቴክሳስ ኰይኑ ተመሪጹ።

ኣቶ ሪክ ፔሪ፡ ክዕወት ዝኸኣለ፡ ናይ ቴክሳስ ቑጠባ ካብ ብዙሓት ክፍላተ ግዝኣታት ኣሜሪካ ከምዝሓይሽን፡ ብዙሕ ስራሕ ከም ዝፈጠረ ከምኡውን ኣንጻር ምምሕዳር ዋሽንግተን ብዘካየዶ ጐስጓስን እዩ። ንሱ፡ ብምኽንያት ዓወቱ ኣብ ዋይልድ ጌም ራንች ኮይኑ፡ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ “ህዝቢ ቴክሳስ ተዛሪቡ ኣሎ። ንሕና ኣብ ቁኑዕ ኣንፈት መንገዲ ንርከብ ኣሎና” ኢሉ።

ናይ ህይስተን ከንቲባ ነበር ብወገኑ፡ “ ዋላ እኳ፡ ብዓሰርተታት ኣሻሓት ቴክሳሳውያን ብዙሕ ጺዒሮም እንተ ኾኑ፡ ሎሚ ሓዲሽ ኣማሓዳሪ ንመርጽ ኣይንመስልን ኢና።” ክብል ተዛሪቡ። ንኣቶ ፔሪ ድማ እንቛዕ ሓጐሰካ ኢልዎ።

ኣቶ ፔሪ፡ ንቢል ዋይት፡ 54 ብ 42 ሚእታዊት እዩ ስዒርዎ። ሰለስተ ካለኦትውን ተሳዒሮም እዮም።

ኣቶ ሪክ ፔሪ ካብ 2000 ዓ.ም. ጀሚሩ ኣብ ምምሕዳር ቴክሳስ እቲ ዝበዝሐ ዓመታት ዘገልገለ መራሒ ክኸውን በቒዑ እዩ።

# “ዝተፋሕሰ ገመድ ኣንበሳ ይኣስር”




ኣብታ ዕለት ብሓባር ዝወዓሉ ኤርትራውያን

ኣቦታት ክምስሉ፡ “ኣሕዋት እንተ ሓበሩ ጸላኢ የባርሩ።” ይብሉ። ኣብ ስደት፡ ጸላኢ ብዙሕ ዝዓይነቱን ከቢድን ክኸውን ይኽእል እዩ። ሳዕቤኑውን ካብቲ ቀንዲ ጸላኢ ዝገደደ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንገለ ሰባት ናይ ባህሊ ጐንጺ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንገለ ናይ ስራሕ ስእነት ክኸውን ይኽእል እዩ።ንገሊኦም ናይ ቋንቋ ሕጽረት ክኸውን ይኽእል እዩ። ንገሊኦም ድማ ስእነት ማሕበራዊ ሂወት ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ህይስተን ዝነብሩ፡ ሓደሽትን ጸናሕትን ኤርትራውያን ግና፡ ቀንዲ ጸላኢዮም ዘላለዩ ይመስሉ። ሓቢሮም፡ እንተ ዓዪዮም ድማ፡ ኣብ ቅድሚኦም ዝጸንሕ ጸላኢ ከምዘይርከብ ኣርጊጾም ፈሊጦም ኣለዉ።

እቲ ብሰንበት ጥቅምቲ 3፡ 2010 ዓ.ም. ዘካየድዎ ንሓደሽቲ ኤርትራውያን ናይ እንቛዕ ድሓን መጸኹም ፌላሚ መደብ፡ ሓደ ኣብነት እዩ። ኣዋሃሂዲ ናይቲ መደብ መንእሰይ ኪሮስ ዮውሃንስ፡ ኣብ መእተዊ ናይቲ መደብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ “እቲ ጋሻ ናይ ምቕባል፡ ሓቢርካ ናይ ምብላዕ ምስታይን ምሕጓስን ባህልናን ያታናን ኣብዚ ምስ መጻና ክብተኽ የብሉን።” ኢሉ። ከምዚ ዓይነት ተግባር፡ ኣብ ነንሕድሕድና ዝምድና ንምፍጣር፡ ዝጸንሐ ጋጋት ንምጽባብ፡ ኣእምሮ ንምፍዋስ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ኣረዲኡ።

ኣብቲ ዕለት ሙዉቕ ኣቀባብላ ኣጋይሽ ነይሩ። ኣብቲ ኣዳራሽ ሚእቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ብሓባር መምኣዶም ተኺሎም፡ ዝግኒ፡ ጸብሒ ደርሆ፡ ኣልጫ፡ ጸዕዳ ጣፍ ዝመስል እንጌራ፡ ሕንባሻ፡ እንዳ



ካብ ሽመልባ ዝመጹ፡ ኣብ ህይስተን ዝነብሩ ዘለዉ ኤርትራውያን ኩናማ

ተመገቡ፡ ሉስሉስ መስተ እንዳ ሰተዩ፡ ብባህላዊ ሙዚቓ፡ ሓጻር ኰሞዲን ዋዛ ምስ ቁምነገርን ይዛነዩ፡ ይስሕንቑ ነበሩ።



ኣብቲ ኣዳራሽ፡ ካብ ዳላስ ብዝመጸ ሓው ዳዊት ግደ ዝቐረበ፡ ንታሪኽ፡ ንምሕዳርን ጅግራፍን ከተማታትን ኤርትራ ዘርእይ ስእሊታት፡ ገንዘብ ቲንቢራትን ካርታን፡ ምስርያም ሒዞም ብተመስጦ ይርእይዎ፡ ንዳዊት ይውክስዎን ነበሩ።

ናይ መዓስከር ሽመልባን ናብራ ኣሜሪካን ተምኩሮ ንምክፋል፡ ብኽልተ መንእሰያት ዝቐረበ ትሕዝቶውን ተዘኩሮታት ዘሐደስ፡ ተስፋ ዘስንቕ እዩ ነይሩ።

መርሃዊ ምላሽ (ፓስታ) ካብቶም ኣብዚ ቀረባ እዋን ካብ ሽመልባ ኢትዮጵያ ናብ ህይስተን ዝመጹ ሓደሽቲ ስደተኛታት ሓደ እዩ። ንሱ ኣብ ሽመልባ መድረኽ ብምምራሕን ንሰባት ምዝናይን ተሞኪሩን ህቡብነትን ረኺቡ ዝመጸ መንእሰይ እዩ። ንሱ ምስ ካለኦት ብጸቱ ኰይኑ፡ ሓጻር ኰሞዲ፡ ዋዛን ግጥሚን ብምቕራብ ነቲ መደብ ድምቀት ሂብዎ ዊዒሉ። ፕስታ፡ ኣብታ ብመልክዕ ግጥሚ ዘቕረባ ናይ ሰላምታ መልእኽቱ፡ ጽባሕ ጣዕሳ ከይከውን፡ ሎሚ ህዝቢ ዝበታትን ጸላኢ ከለሊን ክሰምርን ይምዕድ።

ሰላም ከመይ ኣለኹም
ልዕሊ ሂወት ንፍቕሪ ደለይታ
ልዕሊ ምንባር ንሰላም በሃግታ
መሬት እንተ ጸልበተት ምሳኹም ወጋሕታ
ልሳን ባህልና ፍቕሪ መሰረታ
ኣብዚ ጕልጕል ባይቶ ፍቕሪ ዝመልኣ
ኢደይ ከይህበኩም ግንያ ጉንያ
ሕቑፌ ደረተይ ከይመልኣ
ሓደ እንዳ ኰይና ንኹሉ ዘይበቕዖ
ልዕሊ ኩሉ ግና ልሳነይ እንሆ

ካብ ልበይ ዝኹዖ
ሰላም ሰራውርን ደምን
ሰላም ቅርኒብን ዓይንን
መኻፍልቲ ሽግር
መኻፍልቲ ጸገም
ኣሎና ዶ ኣብ ባህሊ
ወግዒ ከም ቀደም
ሰላም ደቂ ሓምራ
መሳተይቲ ሩባ
መሳግርቲ ጸገም፡ መዳይብቲ ኩርባ
መካድንቲ መንጠሊኒ መዋድይቲ ካባ
ሰላም መሳሕቕትን መባኽይትን
መዓግብትን መጣምይትን
ከመይ ኣሎ ሽግርን ጽምኣትን
ከመይ ኣሎ ዕርቃንን ጥምየትን
ኣቱም ሰብ ተስፋን ጽንዓትን
ተለልይዎ ዶ ኣለኹም ሓድነት ዝበታትን
ንፋስ ዓውዲ ኰይኑ ዝፈታትን
ጽባሕ ከይንከውን እዝን እትን
ሎሚ ንኹን ኣዕጽምትን ጅማትን
ኣብዚሐ ድየ ሰላምታ ምስ ሓተታ
ሱር ናይ ናፍቖትዩ ተረፍ ናይ ጀለምታ
ዓዲ ክመልሰኩም ብጽሓይ ሃለፍታ
መካይድቲ ክትኰኑኒ ምስኰነ ወጋሕታ
መዳልይቲ ክትኰኑኒ ተተረኽበ እፎይታ
እሞ ዓበይቲ ንኣሽቱ
ደቂ ማህጸን ስደት
ንሽግር መናቱ
ልብና ኣይኹን ኣብ ደረቱ
ትንፋስና እንተ ሃለወት ንከባበር
ወግዒ ተተኽፍተ ንጸዋወር
ትንፋስና እንተ ሓለፈት ንቀባበር
ልቢ ሂብና ብፍቕሪ ንከባበር
ኣብዚ ሓላፊ ሽግር።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ብዙሓት ሓደሽቲ ዝመጹ ኤርትራውያን ስድራቤታትን ውልቀሰባትን፡ ንሓሙሽተ ሽዱሽተ ወርሓት ዝወሃቦም መጣየሲ ሓገዝት (መግቢ፡ መጽለሊ፡ ክዳን) ምስ ወድኡ፡ ቀልጢፎም ስራሕ ይረኽቡ ብዘይ ምህላዎም፡ ብመነባብሮ ይጽገሙ ኣለዉ። ገለ ስድራቤታት፡ ናይ ገዛ ክራይ ገንዘብ ክኸፍሉ ኣይከኣሉን። ዝስደደሎም ዝነበረ ናይ ክፍሊት ወረቓቕቲ ይርድእዎ ብዘይ

ምንባርም፡ ብሓይሊ ፖሊስ ከምዝወጹን ክሳብ ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡ ዝተገብሩ ኤርትራውያን ስድራቤትታት ኣለዋ። ገለውን ፋድ ስታምፕ ዘመልክተሎም ወይ ዘርእዮም ሰብ ብምስኣኖም ንመዓልታት ዝጠመዩ ስድራቤትትን ውልቀሰባትን ኣለዉ እዮም። ገለውን፡ ኣብዚ ናብራ ዝኸበዶም፡ ተስፋ ዝቑረጹ፡ ካብ ሀይስተን ቴክሳስ ብዝሓሸ ሓገዛት ክረኽብሉ ኣብ ዝኽእልሉ፡ ክፍላተ ግዝኣታት ዝቐየሩ ኣለዉ እዮም።

እታ ብሰለስተ ተዋሳእቲ ዝቐረበት ኰሞዲ፡ ንሓንቲ ሓዳሽ ዝመጸት ጓልንስተይቲ ዘንኑፋ ቁጠባዊ ጸገም ትገልጽ እያ ነይራ። ከምዚ "ሓምሳ ለሚን ንሓደ ሽሕ ንሓምሳ ግን መልክዖም" ዝበሃል፡ እቲ ዘጓንፍ ሕጽረት ገንዘብ፡ ንሓደ ሰብ ወይ ስድራቤት ብዙሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናብ ብዙሓት ሰባት እንተ ተኸፊሉ ወይ ብዙሓት እንተ ተሓጋገዙሙሉ ግን እቲ ጸገም ክቃለል ከምዝኽእል እያ ተረድእ። ኣብታ ኰሞዲ፡ ከም ብዓል ኣላያንስ፡ ካቶሊክ ቻሪቲ ዝኣመሰላ ትካላት፡ ዘበርክትኦ ሓገዛት ግዝያዊ ብሙኻኑ ተጠቂሱ ኣሎ። ስደተኛታት ኑቲ ሓገዝ ከም ካልኣይ ክርእይዎ ትምዕድ። ብመጀመርታ ግን ኤርትራውያን ክሓብሩን፡ ክተሓጋገዙን ከምዘልዎም ትምህር እያ።

ቕድሚ ክልተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ሀይስተን ሓንቲ ማሕበር ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን ቴክሳስ፡ ጨንፈር ሀይስትን፡ ትበሃል ማሕበር ከም ተመስረተት ይዝከር እዩ። ኤርትራውያን፡ ክጠራነፉ፡ ሓቢሮም ብዛዕባ መነባብረኦም ክዘትዩ፡ መፍትሒኡ ክናድዩ፡ ካብኡ ሓሊፎም ድማ፡ ናይ ምጽውዋር፡ ዲሞክራሲን ፍትሒን ባህሊ ንኽጥርዩን ንኽሕስኩሱን ትሕግዞም ማሕበር ማሕበር እያ።



ኣቦ ወንበር ናይታ ማሕበር፡ መንእሰይ መሓመድ ሳልሕ፡ ነቶም ኣብቲ ዕለት ተኣኪቦም ዝነበሩ ሰባት ንዕላማትት ማሕበር ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ነቶም ብዝተፈላለየ መንገዲ ናብ ሀይስተን ዝኣትዉ ሓደሽቲ ኤርትራውያን ናይ ትምህርቲ፡ መጓዓዝያ፡ ምትርጓምን ካልእን ዝተፈላለየ ሓገዛት ምብርካት ምኻኑ ገሊጹ። ንሱ፡ "ካብ ብውልቂ፡ ብጥርኑፍ ዝግበር ሓገዛት ኣድማዕነት ኣለዎ።" ድማ ኢሉ።

እዚ ንሓደሽቲ ኤርትራውያን ናይ እንቛዕ ድሓን መጻእኩም ዝተዳለወ መደብ፡ ነዛ ማሕበር ፈላሚ ንጥፈት እዩ ነይሩ። ኩሎም ኣባላታ ድማ በቢ ዓቕሞም ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም።

መንእሰይ ዳዊት ተመስገን፡ ካብ ሽመልባ ናብ ሀይስተን ካብ ዝመጽእ ሰለስተ ወርሓት ገይሩ ኣሎ። ሓደ ካብቶም ነታ ኰሞዲ ዘቕረቡ መንእሰያት እዩ ። ንሱ፡ ነታ ማሕበር ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ "እዛ ማሕበር ብጽቡቕ መንፈስ ጀሚራ ኣላ። ህዝቢ እንተ ተሳቲፍዋ ክትግልብት እያ። እንድሕር ጐልቢታ ከኣ ዘያዳ ክተድምዕ ትኽእል እያ። ኣብ ሀይስተን ጥራይ ዘይኮነት፡ ምሳ ኣብ ካለኦት ከተማታትን ክፍለ ግዝኣትን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብምርኻብን ምትሕግጋዝን ጨናፍራት ብምኽፋት፡ ህዝቢ ዝርባሓሉ ክትዓዪ ዓቢ ተስፋ ኣሎኒ " ኢሉ።



ዳዊት፡ ህዝቢ እንተ ተጠርኒፉ፡ እዛ ማሕበር እንተ ዓብያ፡ እቲ ጸገም ኣብዚ ሀይስተን ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ጸገማትን፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ዘለዎም ጸገማት ከተቃልል ከምትኽእል ኣዘኻኺሩ ።

እዚ መጀመርታና እምበር መወዳእታና ኣይኮነን፡ ከምዚ ኢልና ተጠርኒፍና ገና ብዝበለጸ ክንሰርሕ ኢና፡ ዝበለ መርሃዊ ምላሽ (ፓስታ)፡ " ከመይ ጌርና ናይ ምድግጋፍን ምትሕግጋዝን ባህሊ ነጥሪ እዩ እቲ ተታሒዙ ዘሎ መደብ። እዛ ማሕበር ኣብ ምጅማር እያ ዘላ። ጽቡቕ መንገዲ ድማ ሒዛ ኣላ።" ድማ ኢሉ።



ኣብቲ ኣዳራሽ ምስ ካልኦት ከምኦ ዝኣመሰሉ ኣሕዋታን ደቃን ከምኡውን "ምስቶም ኣብዚ ሃገር ዝጸንሑ ምርኻባ ሕጉስቲ ምዃና ዝገለጸት ድማ፡ ኣደ ሓሙሽተ ቈልዑ ሂወት እያ። ንሳ ካብ ሽመልባ ናብ ሀይስተን ካብ ትመጽእ ሸሞንተ ወርሓት ኰይንዋ ኣሎ። ሂወት ዝኾነ ጸገም ብሓባር ከም ዝፍታሕ እያ ትኣምን፡ "ናይ ቋንቋ ሕጽረት ስለ ዘሎ፡ ሓሳብካ ክትገልጽ፡ ኣብ ዝደለኻዮ ስራሕ ኣቲኻ ነብስኻን ደቅኻን ክትኣሊ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ እዩ። ናይ ባህሊ ጸገማትውን ኣሎ። ተኣኻኺብካ እዩ ኩሉ ጸገም ዝፍታሕ። ከምዚ ኢልና ተራኺብና፡ እንተ ተፋሊጥናን ተሓጋጊዝናን ድማ ናብራ ክቕለልና ይኽእል እዩ።" ኢላ።



ሚኬኤል ኣብርሃ (ማንዴላ)፡ ሓደ ካብቶም ክልተ ብሽመልባ ዝመጹ፡ ተምኩሮርኦም ከካፍሉ ዕድል ዝተዋሃቦ ስደተኛታት እዮም። ሚኪኤል፡ ንነጻነት ዝተቓለሰ ተጋዳላይ እዩ። ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዶብ ኲናት ዳግም ከቲቱ። ብድሕሪኡ ኣብ 2000 ዓ.ም. ምስ ተማረኸ ኣብ ደዴሳ ዝነበረ መጎስከር ሙሩኻት ተኣሲሩ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ንማንዴላ ሓንቲ ዝተገለጸትሉ ሓሳብ ነይራ። ንሳ ድማ፡ "ካብዚ ኩሉ መዓት ኻ፡ ብሂወት ካብ ተረፍኩስ፡ መንገደይ ክቐንዓኒ እዩ ትብል ተስፋ"። እታ ናይ ሽዑ ተስፋ፡ ሓይሊን ጽንዓትን ኣስኒቓ፡ ሕሰም ቤት ማእሰርቲ ደዴሳ ክጸወርን ክብድሀን ከምዘኽኣለቶ። ካብ ሽመልባውን ናብ ዓዲ ኣሜሪካ ከም ዘሳገረቶ። ኣብዚ ሃገር ዘጓንፎ ናይ ቋንቋ፡ ናይ ባህሊን ካልእን ዘለዎ ዕለታዊ ጸገማት ከምዝቃለለትሉ ኣረዲኡ። ማንዴላ ምኽሩ ብምቕጻል፡ "ሽግርና ክንፈትሖ ኢና ኢልና እንተ ተጋዕና ክንፈትሖ ኢና።" ድማ ኢልዎም። ሎሚ ማንዴላ፡ ድሕሪ እዚ ኩሉ፡ ኣብ ሀይስተን ከም ብዓል ዕላማ፡ ዕዉት ዕለታዊ መነባብሮ ይመርሕ ኣሎ።



ሳልሕ ኣንፋ ተወላዲ ብሄረ ኩናማ እዩ። ንሱ ናብ ኣሜሪካ ዝመጸሉ ምኽንያት፡ ናብራ ኣሜሪካ ከመይ ይነብር ከምዘሎ፡ ኑቲ መደብ ከመይ ከምዝረኽቦ ብከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ። " ኣብ ኤርትራ ብዝወረደና ግፍዒ ምኽንያት ኣብ ዓዲ ኣሜሪካ ተሰዲድና ንነብር ኣሎና። ኣሜሪካ ካብ ብዙሓት ሃገራት ዝመጹ ዝነብርዋ ዓባይ ሃገር እያ። ኣነ ኣቐድም ኣቢለ ስለ ዝመጸኹ፡ ሰራሕ ይኣቱ፡ ምስ ቤተ ሰበይ ብሓንሳብ ይነብር ስለ ዘለኹ ጽቡቕ ኣለኹ። ናይዞም ሕጂ ዝመጹ ዘለዉ ኣሕዋትና ግን የተሓሳስበኒ ኢዩ። ሎሚ ምስ ኤርትራውያን ኣሕዋተይ ምውዓለይ ድማ ብጣዕሚ ሕጉስ እየ። እቲ መደብውን ብጣዕሚ ጽቡቕ ነይሩ። ከምዚ ዓይነት ናይ ምርኻብ መደባት ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ወርሓት እንተ ዝግበር ጽቡቕ ነይሩ።



ዮውሃንስ ተስፋ ገብርኤል፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጭቈና፡ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ዝተሰደደ መንእሰይ እዩ። ብምንገዲ ሽመልባ ኣቢሉ ምስ መጸ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሀይስተን ፋርማኮሎጂ ይመሃር ኣሎ። ኣብቲ ዕለት፡ ንምንታይ ኤርትራውያን ይስደዱ ከምዘለዉ፡ ኣብዚ ሃገር ዘጓንፎም ዘሎ ናይ ቁጠባን ባህሊ ጸገማትን ዝገልጽ ትሕስቶ ዘለዎ ዘረባ ኣቕሪቡ ነይሩ። ብዛዕባ እቲ ተምስሪቱ ዘሎ ማሕበር ኣመልኪቱ ድማ "ሓደ ካብቶም መስረቲ ኣባላት መጺኡ፡ ብዛዕባ ምምስራት እዚ ማሕበር ክነግረኒ እንከሎ፡ ናይ ልበይ ትርግታ ዝፈለጠ መሲሉኒ ነይሩ። ኣብ ሀይስተን ዘለዉ ስማዊ ማሕበራት ርእየየን እየ። ምስቲ ናተይ ኣተሓሳስባ ዝኸዳውን ኣይኮናን። ናይ ህዝቢ ጸገም ክትፈትሕ ትኽእል ኢለ ዝግምታ ማሕበር እዚኣ እያ። ሕብረተሰብና ነዛ ማሕበር ክስዕባን ፡ ዓንምቢቡውን ክርእዮ ትምኒተይ እዩ። ኣነውን ክዋሳኣሉ እየ" ኢሉ።



ጀማል ሰንጋል ሓደ ካብቶም ነበራትን መስረትን እዛ ማሕበር እዩ። ናይቲ ናይ እንቛዕ ድሓን መጻኹም መደብ፡ ቀንዲ ዕላማ፡ እቶም ሓደሽቲ ዝመጹ ምስቶም ኣብዚ ዝጸንሑ ኣሕዋቶም ዝላለይሉ፡ እቶም ባዕላቶም ነዘለዎም ኩነታት ዝሕብርሉ መድረኽ ንምፍጣር ከምዝኾነ ኣረዲኡ። ጀማል “ እቶም ሓደሽቲ ዝመጹ ፡ ዘለዎም ተሳትፎ፡ ፍናን፡ ዘለዎም ስኑ-ጥበባዊ ክእለትን፡ ነዚ ማሕበር ከምኡውን ንኸተማ ህይስተን፡ ከም ተቐማጦ፡ ከማዕብልዎ ዓቢ ክእለት ከምዘለዎም ሎሚ ክንርእዮ ኪኢልና ኣሎና።” ድማ ኢሉ።

ኣቶ ዳዊት ግደ፡ ኣቦ ወንበር ናይ ማሕበር ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን ጨንፈር ዳላስ እዩ። እቶ ዳዊት፡ ብመጀመርታ ኩነታት ናይዞም ሓደሽቲ መንእሰያት ስደተኛታት ምስ ናይ ቃልሲ ሂወቱን ድሌቱ ኣተሓሒዙ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ነይሩ። “ንሕና እቶም ቀዳሞት ሓሊፍና፡ ንስኻትኩም ኣቶም ንኣሽቱ፡ ከምዚ ኢልኩም ኣብ ውትህድርናን ኣብ ስደትን ከርተት ክትብሉን ሂወትኩም ክሕሸሽን ዘይኮነስ፡ ክትሕንቀቑ እዩ ነይሩ እቲ ዓላማናን ድሌትናን። እዚ ብሓቂ ናይ ሞት፡ ሞት እዩ “ ኢሉ።



ኣቶ ዳዊት ንኣመሰራረታ እታ ማሕበር ኣመልኪቱ ሓጺር መግለጺ ሂቡ ነይሩ። ብስደት ዝመጹ ኣሕዋት፡ ክሓሙን ክሞትን ከለዉ፡ ሱቕ ኢሎም ክርእዩ ናይ ሓጥያት ሓጥያት ከይኑ ተሰሚዕዎም። ብፍሕልፉ ድማ ሓደ ጊላይ ዝበሃል ሓው፡ ካብ ብሄረ ኩናማ ምስ ሞተ፡ ብዙሕ ኣተሓሳሲብዎም። ብዙሕ ሓሳብት ከኣ ኣመንጭዮም። ክንተኣኻኽቡን ክንተሓጋገዙን ነቶም ሓደሽቲ ክሕግዙ። ባህሎምን መንነቶም ክዕቀቡን ከማዕብሉን። ካብኡ ሓሊፎም ከኣ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኤርትራ ኩነታት፡ ዓለም እንዳ ተዛረበትን እንዳ ሓመመትን እንኮላ፡ ንሳቶም ሱቕ ክብሉ ኣይከኣሉን። ብዛዕባ እቶም ኣብ ዓድና ኣሮም ተሓቲሞም ዘለዉ ኣሕዋትን ኣሓትን ክዛረቡ መሪጸም። ነቶም ድምጺ ዘይብሎም ድምጺ ክኾንዎም ወሲኖም። ንተጣበቕቲ ሰብኣውያን መሰላት ክጠርዑ መሪጸም። ኣብ ኤርትራ ቅዋም ክህሉ ክሓቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብዲሞክራሲ ክመሓደር ክጠልቡ መሪጸም። ብኸምዚ መንገዲ ድማ፡ ዜግነታዊ ሓልፍነቶም ክዋጽኡ. ሕልነኦም ከዕግቡ ነዛ ማሕበር መስረቶም ፡ ኣብ ዳላስ ናይ ቋንቋ ትግርኛ ትምህርቲ፡ ናይ ኰምፒተርን ካልእን ትምህርትን ኣገልግሎትን ይህቡ ኣለዉ።

እቲ ማሕበር ምስ ናይ ህይስተን ዘሎ ማሕበር ናይ ሓባር ሕገ ደንቢ፡ ሓደ ዕላማን መትከሊን ኣለዎ። ኣቶ ዳዊት ነዚ ኣመልኪቱ፡ “ካልኦይቲ ማሕበር ምውጻእ ገዲፍኩም ብሓር ዘይንሰርሕ ምባልኩም ኣገናዕ ክብለኩም ይደሊ። በዚ ከኣ ነንሕድሕድና ተበራኺትና። ንሱኹም በዚሕኩም ንሕና ከኣ በዚሕና። ስለዚ እንተ ድኣ ነንሕድሕድና ተሓባቢርና ክንገብር ዘይንኽእል ስራሕ የልቦን” ኢሉ። ኣቶ ዳዊት ብምቕጻል፡ እዚ ተመስሪቱ ዘሎ ማሕበር እቶም ሓደሽቲ ክግልገልሉን ከገልግልሉን ከም ተመስረተ ፈሊጦም ባዕላቶም ክውንንዎ ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ።



ኣቶ ኣሕመድ ዳሊ ሳልሕ፡ ካብቶም ካብ ማሕበር ኤርትራውያን ኣሜሪካውይያን ጨንፈር ዳላስ፡ ድጋፎም ንምግላጽ ዝመጹ ደቂ ሃገር ሓደ እዩ ነይሩ። ንሱ ነቲ መደብ ኣመልኪቱ፡ ኩሉ ነገር ብጣዕሚ ጽቡቕ ነይሩ እዩ ይብል። “እቲ ናይ ኢጋይሽ ኣቀባብላ፡ እቲ መግቢ፡ እቲ ምርኢት (ኤግዚቢሽን) ብጣዕሚ ጽቡቕ ነይሩ” ኢሉ። ንሱ ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ህይስተን ዘለዉ ኤርትራውያን ዝያዳ ክራኸቡ፡ ክፋቐሩ፡ እቲ ስራሕ ድማ ክዓቢ ፡ ምስ ኣብ ዳልስን ካለኦት ቦታታትን ዘለዉ ደቂ ሃገር ተሓጋጊዞም ክዓዩ ተስፋ ከምዝገብር ገሊጹ።



ካናዳዊ ኣሜሪካዊ፡ ኣቶ ዳርክ ዳዚ፡ በቲ ዝነበረ ባህላዊ መግቢ ከም ተደሰተ፡ በቲ ስእላዊ ምርኢት፡ ብዛዕባ ኤርትራ ከም ዝተማሃረ ድሕሪ ምግላጹ፡ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ምዒዱ። “ፍሽኽ ኢልኩም፡ ኢድኩም ሰዲድኩም ሰላም ክትብሉ ቀዳሞት ኩኑ። ትዛረብዎ ቋንቋ እንግሊዝ ቁኑዕ እንተ ዘይኮነ ኣይትፍርሁ። ሱቕ ኢልኩም ክትዛረቡ ፈትኑ። እዛ ሃገር፡ ብብዙሓት ኣህዛብ ዝቘመት ሃገር እያ። ምቔሉላት ኮይንኩም ኣዕሩኽቲ እንተ ገይርኩም ኩሉ ነገር ጽቡቕ ክኾነልኩም እዩ። ኩላትና ሓቢርና እንተ ሰሪሕና ንኽትንብርዎ ጽቡቕ ቦታ ክኾነልኩም እዩ።

እቶም ኣብቲ ዕለት ብሓባር ዝወዓሉ፡ በቲ ዝተዳለወ መደብ ኩሎም ተሓጒሶም እዮም። እዚ መጀመርታ ድኣ እምበር መወዳእታ ከምዘይኮነ ኩሎም ብኣንደበቶም ይጠቕስዎ ነይሮም እዮም።

ከምቲ ኪሮስ ዮውሃንስ ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መደብ ዝበሎ፡ ድሌት እንተ ኣሎ መንገዲ ኣሎ። ድሌት እንተ ኣሎ ዘይሕኰር ጉቦ የልቦን። ተበግሶ እንተ ኣሎ ዘይብጻሕ ቦታ የልቦን። ዘይፍታሕ ጸገማት የልቦን። ከምቲ ደራፋይ የማነ ባርያ፡ “ዝተፋሕሰ ፈትሊ ኣንበሳ ይኣሰር” ዝበሎ፡ ብፍላይ ህዝቢ እንተ ሰሚሩ፡ ሓቢሮም እንተ ዓዩ፡ ኩሉ ነገር ከምዝቕንዕ ርግጽ እዩ። እዛ ኪሮስ ዮውሃንስ ኣብቲ ዕለት እቲ ዘቕረባ ግጥሚ ነዚ ሓሳብ እዚ’ያ ትድርዕ።



**<u>ተምሳል ዕምባባ ጽገሬዳ</u>**

ንኺዶ በሉ ነቲ ጉዕዞ...
ኣብ ዝባና ካብ ተወጥሐ
ናይ ኣቦ ንመን ክንህቦ ?
ድሌትና ካብ ኮነ...
ዋግዋጐ ፈንጣሲ....
ዝኹላዕ ተስፋ ጽባሕ ራኢ....
ጩራ ማሕታ ሊኢኹ
ጠቃር ጸላም ቀንጣጢ....

ንሓድሕድና ኣይንኹን
ከብዲ እግሪን ጨዓን...
ሕልኮ ስጕሚ....
ሰልሚ ሑጻን ታኼላን...
ንስጉም ብሓደ...
ኣይንኹን መንገፍ በሰር ኣዒንተ
ሸቶና ይነጽር
ክንየው ስግር ጠማተ...
ኣይንገዳዕ....
ናይ ሓባር ሽግር
ብሓባር ንግጠሞ...
ሓላፋይ እዩ ጸገም...
ስኒት ተኾልኩልና ንርዓም
ንዕሰል ኣብ ሓደ
መሲልና ተምሳል ዕምባባ ጽገሬዳ...
ስምረትና ክቕንጥባ ኣእዳው ወስ እንተ በላ...
በሊሕ ጉኖቕ ይቀበለን፡ ንሕስያ ዘይብላ...።


## ሓላል ኢንተርናሽናል ስቶር

ኣብ ሓላል ኢንተርናሽናል ስቶር፡ ኣዚዩ ጥዑም ሽሮ፡ ናይ ጥብሲ ፍትፍት፡ ክትፎ፡ ጥብሲን ድሎትን ብተመጣጣኒ ኣዳሊናልኩም ከም ዘሎና ፈሊጥኩም ዶ ኣለኹም?

ብጠለብ፡ ዝተፈላለየ ጸብሒ ከነዳሉ ጀሚርና ከም ዘሎና ኸ ፈሊጥኩም ዶ ኣለኹም?

መዓስ እዚ ጥራይ

ካብ ሰዓት 10 ናይ ንጉሆ ቁርሲ ከነዳሉ ጀሚርና ከምዘሎናውን ነበስረኩም

በሉ፡ ቀዳመ ሰንበት፡ ምስ ቤተ ሰብኩም፡ ምስ ፈተውትኹም መጺኹም፡ ብመግቢናን ኣገልግሎትናን ተሓጐሱ።